# አውያቱ ይሰማዕ እዚ ውጹዕ ህዝቢ!!

ሚያዝያ 19.04 2007 ብተወልደብሃን ሃይለስላሴ!!

ውጹዕ የዋህ ህዝቢ ይሰማዕ አውያቱ
ሕድሪ ናይ ስዉአት ይተግበር ኣብ ሰዓቱ
ብዓል ሕልና መኸት ጸረ/ህግደፍ ሸፋቱ
ህልዋት ደቂ ሃገር ብስኒት ብፍቕሪ ክተቱ
ሓግሒግና ሓሕ ንበሎም ንደምና ዝመንጐዱ።

አእዛና ይስማዕ አዒንትና ይቋመት
ሐንጐልና ይማራመር ብህሉው ኲነት
ዜጋና ኣብ ሃገሩ ከስተማቕሮ ህይወት
ብሓንቲ ቃል ለውጢ ኢዩ ምልኽነት ዝውገድ
ሕጅስ የብቕዕ ህግደፋዊ ትምኽሕቲ አንነት።

ድኽመታትና ንአርም ንህሉው ገምጊምና
ናብ ሰላም ንለውጦ ዘንጠጠ ደበና
ኲዒትና ንቕበሮ ንምልካዊ ጭቆና
ኣብ ክንዲ አንነት ፍትሒ ክነግሳ ሃገርና
መንፈስና ነሓድሶ ንድሕነት ኲልና።

እዞም ጃንዳ ህግደፍ ሰብ ቅርሕንቲ
ብመደብ ዝመጹ ከጥፍኡ ንዓዲ
ብሓሶት ጽውጽዋይ ዝነብሩ አጋንንቲ
ብዕላማ ኢዮም ሓዊ ዝአጉዱ ምስ ጐረባብቲ
እኩል አብነት አሎና ብዙሕ ጭብጢ።

ኲሉ ድሕሪ ሃገር ምኺኑ ፈሊጥና
ንሕሉፍን ህሉውን መዚና ገምጊምና
ውሕስነት ንግበረሉ ንቐጻልነት መንነትና
ነበረት ያ ነበረት ከይገብርዋ ኤርትራ ሃገርና
ዓዓቅምና ንግበር ዝዕም ይትረፈና።

ግልጽ ምልጽ አይንበል ንሰማይ ንምድሪ
በትሪ ጥራይ ኢያ መድሃኒቶም ንፈጸምቲ ከትሪ
ሃየ ድአ ንሸባሸብ ንህግደፋውያን ቀብሪ
ምልኪ አልጊስና ብፍትሒ ክንምዕሪ
መሉ ንቃዳደም ንምሕጻራ ናይ ሸፋቱ ዕምሪ

አብየት ንበሎ ንጸዋዒት ህዝቢ
ስጉምቲ ንጀምር ንለውጢ ብግብሪ
ቅልጽምና ነዋሃህድ ደሚርና ናህሪ
ኤርትራዊ ዜጋ ክኸብር ኣብ ናቱ ምድሪ
አይፋሉን ንበል ኲልና ብትሪ።

ሰብ ነፎቕ ሰብ ሕልና ክተቱ ክተቱ
ስጋ ሰብ ዝለመዱ አርዊቶም ክኸዱ
አሰር ስዉአትና ነጽንዓዮ ልዓቱ
እተወልደ ዝኾነ ክነብር ኣብ ዓዱ
ህዝቢ ኢዩ ወሳኒ ስኑ እንተ ነኪሱ።

ሓላፍነትና ፈሊጥና ንህዝብና ንስምዓዮ አውያቱ
ምበህግደፍ ንእተበደሎ ንክሓሶ ከም ትንምቢቱ
ኣብ ክንዲ ዝሸቁረር ክነብር አራጢጡ
ብግቡእ ንኽተስተማቕሮ ናጽነት ህያብ  ናይ ወለዱ
በብዘለናዮ ንመክት 9ዉአትሳ ብሓር7ት ክድበ8ሻ

ዘለዓለማዊ ክብርን ዝኽርን ንስዉአት

ውድቐትን ሕፍረትን ንረሳሓት
ህዝቢ ኤርትራ ኢዩ ዝዕወት ጽባሕ ጊሓት
ስኒትን ፍቕርን ነዘውትር ብንቕሓት !!!!